# ዕቑባ ንምርካብ ከተመልክት ደሊኻ

## ናይ ምምልካትን፣ ናይ ዕረፍትን ምድላውን ግዜ

**እዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ንምንታይ ይወሃበካ ኣሎ?**
ንስኻ ናብ ኔዘርላንድ ድሕነት (ዕቑባ) ንምሕታት ተጓዒዝካ ኣለኻ። ዕቑባ ማለት፡ ኣብ ሃገርም ውሕስነት ዘይብሎም ሰባት ኣብ ካልእ ሃገር ድሕነት ምርካብ ማለት ኢዩ። ከምኡ እውን ኣብ ሃገሮም ድሕነት ክረኽቡ ዘይክእሉ። ዕቑባ ንምርካብ ከተመልክት እንከለኻ ብዙሕ ነገር እዩ ዘጓንፈካ። ኣብዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ኣብቲ ናይ መጀመርታ መዓልታት ናይ መስርሕ ዕቑባ፣ እንታይ ክትጽበይ ከም እትኽእል ከተንብብ ትኽእል ኢኻ። IND ነዚ መድረኽ-ምዝገባ ኢሉ ይጽውዖ።

## ኣብ እዋን መድረኽ-ምዝገባ ኣየኖት ውድባት የጋጥሙኻ?

ኣብዚ መድረኽ-ምዝገባ ካብ ዝተፈላለያ ውድባት ምስ ዝመጹ ሰባት ክትራኸብን ክትዘራረብን ኢኻ። ገሊአን ውድባት ናይ መንግስቲ ኔዘርላንድ እየን ገሊኣተን ከኣ ኣይኮናን። ኣብዚ ታሕቲ ምልክት ኣርማ ናይተን ዝተፈላለያ ውድባት ክትርኢ ትኽእል ኢኻ። እንታይ ከም ዝገብሩ እውን ሕጽር ብዝበለ ተገሊጹ ኣሎ።

ንስኻ ዕድሜኻ ትሕቲ 18 ዓመት ኢኻ፣ ከምኡ እውን ኣብ ኔዘርላንድ ንዓኻ ዝከናኸኑ ወለዲ ወይ ካልኦት ሰባት የብልካን። እንተኾነ ግን ብመሰረት ሕጊ ኔዘርላንድ፣ ንዓኻ ዝከናኸን ሓደ ወግዓዊ ዝኾነ ኣካል ክህሉው ኣለዎ። እዚ ኸኣ ሞግዚትነት ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣብ ኔዘርላንድ እቲ ብዛዕባ እዚ ዝነጥፍ ውድብ **Stichting Nidos** እዩ። Nidos ኣብ ልዕለኻ ሞግዚትነት ንኽህልዎ የመልክት። Nidos ንሓደ ካብ ሰራሕተኛታቱ ከም ተኸላኻሊ ንኡሳት ገይሩ ይሸመልካ። እቲ ሰብ ኣብ እዋን መስርሕ ዕቑባ ክሕግዘካ እዩ። እቲ ተኸላኻሊ ንኡሳት ንኣብነት ኣገደስቲ ውሳኔታት ኣብ ምውሳድ ይሕግዘካ። ከምኡ እውን እትነብረሉ ጽቡቕ ቦታ ከም ዝህልወካን፣ ናብ ቤት-ትምህርቲ ክትከይድን ከም እትኽእልን የረጋግጽ። Nidos ኣብቲ ብዛዕባ እቲ ዘመልከትካዮ ዑቑባ ብዝምልከት ዝውሰድ ውሳኔ ዋላ ሓንቲ ጽልዋ የብሉን። www.nidos.nl

**Afdeling Vreemdelingenpolitie, Identificatie en Mensenhandel** (AVIM) ኣካል ናይ ኔዘርላንድ ፖሊስ ኮይኑ፡ ኣብ ኔዘርላንድ ንዝርከቡ ወጻእተኛታት ይከታተል። ሰራሕተኛታት መን ምዃንካ የጻርዩ፣ ከምኡ እውን ንሓበሬታታትካ ኣብ ስርዓተ-ኮምፒተር ይምዝግብዎን ንሰነዳትካ ንምምርማር ይወስድዎምን።

**Koninklijke Marechaussee** (KMar) ንዶባት ኔዘርላንድ ይከታተል። ብተወሰኺ ሰነዳት (ንኣብነት ፓስፖርትታት) ሓቀኛታት ምዃኖምን ዘይምዃኖምን ይምርምሩ። ሰራሕተኛታት ንናትካ ሓበሬታታት ኣብ ስርዓተ-ኮምፒተር ክምዝግብዎ እውን ይኽእሉ።

**Centraal Orgaan opvang asielzoekers** (COA) ነቶም ኣብ ኔዘርላንድ ዝርከቡ ዕቑባ ዝደልዩ ሰባት፣ ኣብ እዋን መስርሕ ዕቑባ፣ መዕቀቢ ቦታን ምእላይን ከም ዝህሉው የረጋግጽ። COA ንዓኻ መግብን መድሕን ጥዕናን ከም ዝህልወካ እውን ይገብር። COA ምስ ዶክተር ኣብ ምርኻብ ክሕግዘካ እውን ይኽእል እዩ። COA ገለልተኛ ማለት ነጻ ዝኾነ ተቕዋም እዩ፣ ከምኡ እውን ብዛዕባ እቲ ዘመልከትካዮ ዕቑባ ኣይውስንን እዩ። www.coa.nl

**Immigratie- en Naturalisatiedienst** (IND) ክፋል ናይ ሚኒስትሪ ፍትሕን ጸጥታን እዩ። IND፣ ንስኻ ኣብ ኔዘርላንድ ዕቑባ ንኽትረክብ መሰል ዘለካ ምዃኑን ዘይምዃኑን ይምርምር። ስለዚ ብዛዕባ መንነትካ ብዝምልከት ምስ ሰራሕተኛታቱ ዝርርባት ኣለዉኻ። ከምኡ እውን ንምንታይ ኣብ ኔዘርላንድ ዕቕባ ከምዘመልከትካ እውን። IND፣ ንውልቃዊ ታሪኽካን፣ ነቲ ኣብቲ መበቆል ሃገርካ ዘሎ ኩነታትን ይምርምር። ብድሕሪኡ IND፣ ንስኻ ኣብ ኔዘርላንድ (ንግዜኡ) ክትጸንሕ ዝፍቐደልካ ምዃኑን ዘይምዃኑን ይውስን። www.ind.nl

**VluchtelingenWerk Nederland** (VWN) ገለልተኛ ማለት ነጻ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ማሕበር እዩ፣ ከምኡ እውን ንረብሓታት ናይ ሓተትቲ ዕቑባ ንምርግጋጽ ዝቖመ እዩ። VWN ነዚ መስርሕ ኣብ እተካይደሉ እዋን ብዛዕባ እቲ መስርሕ ዕቑባ ዝምልከት ብውልቂ ሓበሬታ ይህበካን ይሕግዘካን፣ ምስ ካልኦት ውድባት ጸገማት ኣብ ዘጋጥመካ እዋን ከም መንጎኛ ይድግፈካን። ከምኡ እውን ኣብዚ መዳይ እዚ ምስ ጠበቓኻ ብቐረባ ይሰርሕ። VWN ብዛዕባ እቲ ዘመልከትካዮ ዕቑባ ኣይውስንን እዩ።
www.vluchtelingenwerk.nl
www.refugeehelp.nl

ኣብ ህንጻታት IND፣ ከምኡ እውን ኣብ መዕቆቢ ማእከላት ናይ COA **ሓለውቲ ጸጥታ** ይንቀሳቀሱ እዮም። ብዝለብስዎ መለለይ ክዳን ማለት ዩኒፎርም ከተለልዮም ትኽእል ኢኻ። ሓለውቲ ጸጥታ ንድሕንነትካ እዮም ኣብኡ ዘለዉ። ንሳቶም ሰንጣኻ ይኽዝኑ። ኣብቲ ህንጻታትን ቀጽሪታትን እንታይ ከምዝፍቀድን ከምዘይፍቀድን ክትሓቶም ትኽእል ኢኻ። እቶም ሓለውቲ ጸጥታ ኣብቲ ብዛዕባ እቲ ዘመልከትካዮ ዑቑባ ብዝምልከት ዝውሰድ ውሳኔ ዋላ ሓንቲ ጽልዋ የብሎምን። ከምኡ እውን ናብ ውልቃዊ ጉዳይካ መእተዊ የብሎምን።

**GezondheidsZorg Asielzoekers** (GZA) ክትሓምም እንከለኻ ወይ ሕክምናዊ ሕቶታት ምስ ዝህልወካ እትኸዶ ውድብ እዩ። ኣብ ነፍስወከፍ መዕቆቢ ቦታ ናይ COA ወይ ኣብ ጥቓኡ፣ ሓደ ማእከል ክንክን ጥዕና ሓተትቲ-ዑቑባ GZA ኣሎ። GZA፣ ምስ ተሓጋጋዚ ሓኪም፣ ምስ ኣላዪት ሕሙማት፣ ምስ ምክትል ዶክተር፣ ምስ ክንክን ኣእምሮኣዊ ጥዕና (GGZ)፣ ወይ ምስ ሓፈሻዊ ክኢላ ሕክምና ቆጸራታት የዋድደልካ።
www.gzasielzoekers.nl

ኣብቲ መዕቆቢ ቦታ ምስ ናይ **Argonaut Advies** (ቀደም Medifirst ዝበሃል ዝነበረ) ነርስ ቆጸራ ኣለካ። እዛ ነርስ ኣብቲ ሕክምናዊ መርመራ ክትሳተፍ ትደሊ እተኾይንካ ትሓተካ። እዚ መርመራ ኣብቲ ምስ IND ዝህልወካ ዝርርባት ጽልዋ ክህልዎ ዝኽእል ኣእምሮኣዊ ን/ወይ ኣካላዊ ጸገማት ዘለካ ምዃኑን ዘይምዃኑን ንምርግጋጽ ዝዓለመ እዩ።

## ኣብ መድረኽ-ምዝገባ እንታይ የጋጥም?

ኣብዚ ታሕቲ ኣብ መድረኽ-ምዝገባ ኩሉ እንታይ ከምዘጋጥም ከተንብብ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ናትካ ጉዳይ፣ መስርዕ ናይቶም ስጉምትታት ዝተፈልየ ኪኸውን ይኽእል እዩ። መጀመርያ ኩሉ ግዜ ኣብ ተርኣፐል [Ter Apel] ኢኻ እትምዝገብ። እቶም ዝተረፉ ስጉምትታት ኣብ ካልእ ቦታታት ከትስዕቦም ትኽእል ኢኻ።

| | |
|---|---|
| 1ይ ስጉምቲ፡ | ናብ ማእከል ምዝገባ ተርኣፐል ምምጻእ |
| 2ይ ስጉምቲ፡ | ቀዳማይ ምዝገባ ኣብ IND |
| 3ይ ስጉምቲ፡ | ናብ መዕቆቢ ቦታ |
| 4ይ ስጉምቲ፡ | ምልላይ መንነትን ምዝገባን |
| 5ይ ስጉምቲ፡ | ሕክምናዊ ቍጽጽር |

| | |
|---|---|
| 6ይ ስጉምቲ፡ | ዝርርብ ምስ NIDOS |
| 7ይ ስጉምቲ፡ | ናይ ምዝገባ ቃለ-መሕትት |

**1ይ ስጉምቲ፡ ናብ ማእከል ምዝገባ ተርኣፐል ምምጻእ**

ናብቲ ኣብ ተርኣፐል [Ter Apel] ናብ ዝርከብ ማእከል ምዝገባ ትጎዓዝ። ኣብዚ ህንጻ እዮም ኩሉም መስርሓት ናይ ዕቑባ ዝጅምሩ። ኣብዚ ድሕሪ ምምጻእካ፡

- ሓደ ሓላዊ ጸጥታ ስምካ ክጽሕፎን፣ ከምኡ እውን ሓደ ሓላዊ ጸጥታ ንሳንጣኻ ክወስዶን ኢዩ። ሓደ ሓላዊ ጸጥታ ናብቲ መጸበዪ ቦታ ክወስደካ እዩ። ኣብዚ ሓደ ሰራሕተኛ ናይ IND ናብቲ ሰደቓ ዝርርብ ንምግባር ክሳብ ዝወስደካ ክትጽበይ ኢኻ።

**2ይ ስጉምቲ፡ ናይ መጀመርታ ምዝገባ ብIND**

- IND፣ ብዛዕባ ውልቃዊ ሓበሬታታትካ ይሓተካ፣ ከምኡ እውን ስእልኻ ይወስድ። ነዚ ድማ ኣብ ስርዓተ-ኮምፒተር ይዕቅቦ።
  IND፣ ቅጥዒ-ምዝገባ ኣብ ወረቐት ወይ ኣብ ኮምፒተር ንኽትመልእ ክሓተካ ይኽእል እዩ። እዚ ቅጥዒ፣ ቅጥዒ-ምዝገባ ይበሃል። IND መመልከቲ ቅጥዒ ኣብ ጥቕሚ ንኸይውዕል ክውስን ይኽእል እዩ፣ ንኣብነት ጻዕቂ ስራሕ ምስ ዝህሉው። በዚ ቅጥዒ እዚ ኣቢሉ ቤት-ጽሕፈት ኣገልግሎት ኢሚግረሽንን ዜግነትን [IND] ብዛዕባኻ ኣገዳሲ ሓበሬታ ይረክብ። ንኣብነት ብዛዕባ መንበሪ ቦታኻ፣ ስድራ-ቤትካን ጉዕዞኻን ዝምልከቱ ሕቶታት ኣለዉ። ኣብ ኔዘርላንድ ዕቑባ ንምሕታት ንምንታይ ካብ ሃገርካ ሃዲምካ ንዝብል ሕቶ እውን ኣሕጽር ኣቢልካ ክትምልስ ኢኻ። IND፣ ነዚ ሓበሬታ ተጠቒሙ መስርሕ ዕቑባኻ ብኸመይ ከም ዚቕጽል ይግምግም። ስለዚ ብቕንዕና መልሲ ክትህብ ኣገዳሲ እዩ።

**3ይ ስጉምቲ፡ ናብ መዕቆቢ ቦታ**

ድሕሪ ምዝገባ ናብ መዕቆቢ ቦታ ክትከይድ ኢኻ። COA፣ ኣበይ ከም እትድቅስን ከም እትበልዕን ይሕብረካ። ናብቲ ኣብ ዚመጽእ ግዜ ዘለካ ቆጸራታት ክመርሑኻ እዮም።

ድሕሪ እቲ ዝርርብ NIDOS ንዓኻ ሞግዚትነት ከመልክተልካ እዩ።

**4ይ ስጉምቲ፡ ምልላይ መንነትን ምዝገባን**

ንዕቑባኻ ብዝምልከት፣ መንግስቲ ኔዘርላንድ ንስኻ መን ምዃንካ መንነትካ ክፈልጥ ኣለዎ። ስለዚ ኸኣ እዩ መጀመርያ ምልላይ መንነትን ምዝገባን ዝስዕብ፡

- ምልላይ መንነት ማለት ንስኻ መን ምዃንካ መንነትካ ምርግጋጽ ማለት እዩ። እዚ ኸኣ ብሰነዳትካን፣ ብዛዕባ መበቆልካ ብምሕታትን እዩ ዚግበር።
- ምምዝጋብ ማለት ናትካ ሓበሬታታት ኣብ ሃገራዊ ስርዓተ-ኮምፒተር ምዕቃብ ማለት እዩ። እዚኦም ሓበሬታታት ነቲ ዘመልከትካዮ ዕቑባ ንምምስራሕ ኣድለይቲ እዮም።

ምልላይ መንነትን ምዝገባን ዘረጋግጹ 2 ውድባት ኣለዉ። እዚኣቶም AVIMን KMarን እዮም። እቲ ምዝገባ ብሓገዝ ኣተርጓሚ (ብተሌፎን) እዩ ዚግበር። ኣብዚ ታሕቲ እቲ ምዝገባ ብኸመይ ከምዝካየድ ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።

ሰራሕተኛ ናይ AVIM ወይ KMar፡
• ስምካ፣ መንበሪ ቦታኻን፣ መገሻኻን ይሓተካ። እቲ ሰራሕተኛ መንነትካ ንምግምጋም እዩ ኹሉ ዚገብር። ስለዚ ሓቀኛ ክትከውን ኣገዳሲ እዩ።
• ኣብቲ መመልከቲ ዕቑብ ክታምካ ከም እትፍርም ይገብር። ነዚ ድማ ዕድመኻ 12 ዓመት ወይ ካብኡ ንላዕሊ እንተኾይንካ ጥራይ እዮም ዝሓቱኻ። እዚ ሰነድ እዚ ኣብ ኔዘርላንድ ዕቑብ ንምርካብ ከምዘመልከትካ ዘረጋግጽ ወግዓዊ መርትዖ እዩ።
• ናይ ገጽካ ስእሊ የልዕል፣ ዓሸራ ኣሰር ኣጻብትኻ ይወስድ፣ ንኽትፍርም ድማ ይሓተካ። እዚ ኹኣ ንኻልኦት ነገራት ሓዊሱ፣ መረጋገጺ መንነት ወጻእተኛታት (VI) ዝበሃል ሰነድ ንምድላው ኣድላዪ እዩ። በዚ ሰነድ እዚ ድማ፣ ንስኻ ኣብ ኔዘርላንድ ዕቑብ ንምርካብ ኣመልኪትካ ከምዘለኻ ከተርእይ ትኽእል።
• ሰነዳትካ ንኣብነት ፓስፖርትኻ ይወስድ። እቲ ሰራሕተኛ ውልቃዊ ሰነዳትካ ቍጽጽር ንኽግበረሎም ይልእኮም። ሓቀኛታት እንተድኣ ኮይኖም፣ ኣብ መወዳእታ ናይቲ መስርሕ ዕቑብ እንደገና ክምለሱልካ እዮም።
• ተሌፎንካ ንመርመራ ይወስዶ። ኣብ ተሌፎንካ ንዘመልከትካዮ ዕቑብ ኣገዳሲ ዝኾነ ሓበሬታ እንተሃልዩ ይምርምር። ድሕሪ መርመራ ነታ ተሌፎን እንደገና ክመልሱልካ እዮም። እዚ ቊሩብ መዓልትታት ክወስድ ይኽእል እዩ።
• ንሳንጣኻ ይምርምሮ።
• መንነትካ ዘረጋግጽ ሰነዳት እንተድኣ ዘየምጺእካ፣ ዕድመኻ ክንደይ ከምዝኾነ ይሓተካ። እቲ ሰራሕተኛ፣ ብዛዕባ ዕድመኻ ሕቶታት ይሓተካ፣ ከምኡ እውን ክንደይ ዕድመ ትገብር ከም እትመስል ጽቡቕ ገይሩ ይርእየካ። እዚ ኹኣ ግምገማ ዕድመ ተባሂሉ ይጽዋዕ። IND ንኣብነት ኣብቲ ቀዳመይ ዝርርብ ማለት ናይ ምዝገባ ቃለ-መሕትት እውን ነዚ ይገብር። ብዛዕባ እዚ ኣብ 7ይ ስጕምቲ ብዝያዳ ከተንብብ ትኽእል ኢኻ። ኣብቲ ግምገማ ዕድመ ክትተሓባበር ድማ ኣለካ። AVIM/KMar ከምኡ እውን IND፣ ብንጹር ከም ትሕቲ-ዕድመ ድዮም ሓሲቦምኻ? ስለዚ ዕድመኻ ከምቲ ንስኻ ዝሓበርካዮ ዕድመ ገይሮም ይሓስቡኻ። AVIM/KMar ከምኡ እውን IND፣ ብንጹር ከም ልዕሊ-ዕድመ ድዮም ሓሲቦምኻ? ወይ ኣብቲ ግምገማ ዕድመ ምትሕብባር ኣይገበርካን ዲኻ? ስለዚ ንዕድመኻ ኣብ ስርዓተ-ኮምፒተር ክቕይርዎ እዮም፣ ከምኡ እውን ንስኻ ልዕሊ-ዕድመ ክትቑጸር ኢኻ። ዕድመኻ ናብ 18 ዓመት ክቕየር እዩ።
• ዕድመኻ ገና ዘይንጹር ድዩ? ስለዚ IND ናይ ዕድመ መርመራ ክጅምር ይኽእል እዩ። እዚ እንታይ ምኧኑ ኣብ ገጽ 7 ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።

## 5ይ ስጕምቲ፡ ሕክምናዊ ቊጽጽር

ድሕሪ እቲ ምዝገባ ኣብ GZA ሕክምናዊ ዝርርብ ክግበረልካ እዩ። ብተወሳኺ ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት፣ ኣገልግሎት ጥዕና GGD ሕማም ዓባይ ሰዓል (TB) ዘለካ ምኧኑን ዘይምኧኑን እውን ይምርምር እዩ። እዚ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ሰናቡእ ዝርከብ ተመሓላላፊ ለበዳ ሕማም እዩ። ስለዚ ድማ ናይ ሰናቡእካ ራጂ ክገብሩልካ እዮም።

## 6ይ ስጕምቲ፡ ዝርርብ ምስ NIDOS

ድሕሪ ምዝገባ ምስ Nidos ክትዘራረብ ኢኻ። ሓደ ሓደ ግዜ ነዚ ዝርርብ ድሒርካ እውን ትገብሮ ኢኻ። እቲ ምስ NIDOS እትገብሮ ዝርርብ ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ ዛዕባታት እዩ፡
• መን ምኧንካን ከመይ ከምዘለኻን፤
• ስለምንታይ ንስደት ከምዝሃደምካን፣ ኣብ ኔዘርላንድ ስድራ-ቤት ዘለካ ምኧንካን ዘይምኧንካን፤
• ሓበሬታ ብዛዕባ መስርሕ ዕቑብ፤
• ሓበሬታ ብዛዕባ ሞግዚትነት፤

ድሕሪ እቲ ዝርርብ NIDOS ንዓኻ ሞግዚትነት ከመልክተልካ እዩ።

## 7ይ ስጕምቲ፡ ዝርርብ ምስ IND፡ ናይ ምዝገባ ቃለ-መሕትት

እቲ ናይ ምዝገባ ቃለ-መሕትት፣ IND ንዓኻ ሕቶታት ዝሓተሉ ኣገዳሲ ዝርርብ እዩ። ኣቀዲምካ ድሮ ናይ ምዝገባ ቅጥዒ መሊእካ ኣለኻ ዲኻ? ስለዚ IND ነዚ ሓበሬታ ኣብቲ ቃለ-መሕትት ክጥቀመሉ እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ካብ Nidos ዝመጽእ ሓደ ሰብ እውን ኣብኡ ምሳኻ ኮፍ ይብል እዩ።

እቶም ቀንዲ ኣገደስቲ ዕላማታት ናይ ምዝገባ ቃለ-መሕትት እዚኦም ዝስዕቡ እዮም፡
• ብዛዕባ እዚኦም ዝስዕቡ ሓበሬታ ንምርካብ፡
  - ንስኻ መን ምዃንካ፤
  - ካበይ ከምዝመጻእካ፤
  - ብኸመይ ከም እተጓዓዝካ።
• ኣየኖት ሰነዳት ከምዘረከብካ ንምርኣይ። ቅድሚ ሕጂ ዘየረከብካዮም ሰነዳት ኣለዉኻ ድዮም? ስለዚ ነዚኦም ንIND ክትህቦ ትኽእል ኢኻ።
• ካልእ ኣብ ኣውሮጳ እትርከብ ሃገር፣ ብዛዕባ እቲ ዘመልከትካዮ ዕቑባ ክትውስን ዘለዋ ምዃናን ዘይምዃናን ንምምርማር። ብዛዕባ እዚ ዝያዳ ሓበሬታ ኣብቲ ÎChildren asking for international protection” ዝብል ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።
• መስርሕ ዕቑባኻ ብኸመይ ከምዚቕጽል ንምግምጋም።

IND ብዛዕባ እዚ ዝስዕብ ሕቶታት ክሓተካ እዩ፡
• መንነትካ፣ ዜግነትካ፣ መበቆል ሃገርካ፣ መንበሪ ቦታኻን ከባቢ መንበሪኻን፤
• ስድራ-ቤትን ኣለይትን፤
• ሰነዳት፤
• ትምህርቲ፤
• ስራሕን ወተሃደራዊ ኣገልግሎትን፤
• ኣብ ካልኦት ሃገራት ምንባር፤
• ናብ ኔዘርላንድ ዝገበርካዮ ጉዕዞ፤
• ዕድመኻ። እቲ ሰራሕተኛ ክንደይ ዓመት ዝገበርካ ከም እትመስል እውን ጽቡቕ ገይሩ ይርእይ (ግምገማ ዕድመ)፤
• ዕቑባ ንምርካብ እተመልክተሉ ዘለኻ ምኽንያት።

ኣብዚ ዝርርብ ብዝተኻእለ መጠን ብዛዕባ ስድራ-ቤትካን ኣለይትኻን ብዙሕ ክትነግር ኣገዳሲ እዩ። ከምኡ ድማ ብዛዕባ ኣበይ ከም ዝነብሩን፣ ንስኻ ንባዕልኻ ኣበይ ትነብር ከምዝነበርካን እውን። ስለምንታይ ዕቑባ ትሓትት ከም ዘለኻ ንዚለዓል ሕቶ ኣሕጽር ኣቢልካ ምምላስ ጥራይ እዩ ዘድልየካ። IND፣ ነዚኦም ሓበሬታታት ቅኑዕ መስርሕ ንምውጣን ክኽእል ምእንቲ ይጥቀመሉም። ኣብ ሓደ ካልኣይ ዝርርብ፣ ስለምንታይ ዕቑባ ትሓትት ከምዘለኻ ዘለዉኻ ምኽንያታት ብሰፊሕ ንክትነግር ዕድል ክትረክብ ኢኻ። እዚ ዝርርብ እዚ ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ተባሂሉ ይጽዋዕ።

IND ብዛዕባ እዚ ዝርርብ ጸብጻብ (ሪፖርት) የዳሉው። ቅዳሕ ናይዚ ከኣ ደሓር ክትወሃብ ኢኻ።

እቲ ናይ ምዝገባ ቃለ-መሕትት ተወዲኡ ድዩ? ብድሕሪኡ IND፣ ካበይ ከባቢ ከም ዝመጻእካ ንምርኣይ ድምጽኻ ክቀድሖ ይኽእል እዩ። ሽዑ ንስኻ በቲ ንምዝራብ ዝለመድካዮ ቋንቋ ወይ ቋንቋታት ብተኸታታሊ ንሓጺር ግዜ ክትዛረብ ኢኻ።

**ኣተርጓሚ**
ምስ ዝተፈላለያ ውድባት ብዙሓት ዝርርባት ኣለካ። ኣብ ዝበዝሑ ዝርርባት ሓደ ኣተርጓሚ ነቲ ዝርርብ ንምትርጓም ይሕግዝ። እቲ ኣተርጓሚ ናይ ቋንቋ ኔዘርላንድ ዓረፍተ-ነገራትን ቃላትን፣ ናብቲ ንዓኻ ዝርድኣካ ቋንቋ ይትርጉመልካ። እቲ ንስኻ ዝበልካዮ ከኣ ናብ ቋንቋ ኔዘርላንድ ይትርጉሞ። ኣተርጓሚ ብዛዕባ እቲ ዘመልከትካዮ ዕቑባ ብዝምልከት ኣብ ዝውሰድ ውሳኔ ዋላ ሓንቲ ጽልዋ የብሉን። ሓደ ሓደ ግዜ እቲ ኣተርጓሚ ኣብቲ ዝርርብ ምሳኻ ብኣካል ይኸውን። እንተኾነ ግን እዚ መብዛሕትኡ ግዜ ብተሌፎን እውን ይግበር እዩ። ኣብቲ ምስ IND ብዛዕባ ዕቑባ ዘመልከትካሉ ምኽንያታት ብዝምልከት እትገብሮ ዝርርብ፣ ኩሉ ግዜ ሓደ ኣተርጓሚ ብኣካል ኣሎ። ንስኻን እቲ ኣተርጓሚን ብጽቡቕ ክትረዳድኡ ዘይትኽእሉ እንተድኣ ኮይንኩም፣ ብዛዕባ እዚ ብቕጥታ ሓብር። ስለዚ IND ካልእ ኣተርጓሚ ከዋድድ ክፍትን እዩ። ንስኻ እቲ ሕቶ ብግቡእ ስለዘይተረዳእካ፣

## ናይ ዕድመ መርመራ

- IND ዕድመኻ ንምርግጋጽ ናይ ዕድመ መርመራ ክገብር ክውስን ይኽእል እዩ። እዚ ዝኸውን እዞም ዝስዕቡ ኩነታት ኩሎም ንዓኻ ዝምልከቱኻ እንተድኣ ኮይኖም እዩ፡ ንዕድመኻ ዝምልከቱ ሰነዳት የብልካን።
- ኣብ ካልኦት ናይ ኤውሮጳዊ ሕብረት ሃገራት ከም ሓታቲ ዕቑባ ኣይትፍለጥን ኢኻ። ፖሊስ ነዚ ብናትካ ዓሻራ ኣጻብዕቲ ገይሩ፣ ኣብ ሓደ ስርዓት-ኮምፒተር ይቆጻጸሮ።
- ድሕሪ ግምገማ ዕድመ፣ ፖሊስን INDን ብዛዕባ ዕድመኻ ጥርጣራታት ኣለዎም።

ሓደ ሓኪም ምሳኻ ዝርርብ ገይሩ ነይሩ ወይ ግምገማ ዕድመ ኣካይዱልካ እዩ።

### እቲ መርመራ

እቲ መርመራ ኣብ ፍሉይ ማእከል ይግበር። ኣብዚ እቲ መርማሪ ናይ መንኩብካን ጐምቦ ኢድካን ራጂ ይገብረልካ። እቲ ራጂ ብቆርበትካ ሓሊፉ ንኣዕጽምትኻ ክርእይ ብዝኽእል ፍሉይ መሳርሒ እዩ ዝግበር። እዚ ቃንዛ የብሉን፣ ከምኡ እውን ልክዕ ከም ተራ ስእሊ ምውሳድ ኮይኑ እዩ ዝስመዓካ። ንጥዕናኻ እውን ሕማቅ ኣይኮነን። ሓላቕምቲን መለጋግቦ ናይ ኣእዳው/ጐምቦ ኢድን ናይ ቆልዑት ካብ ናይ ዓበይቲ ፍልይ ዝበለ እዩ። ስለዚ እቲ መርማሪ ካብቲ ራጂ ናይ መንኩብካን ጐምቦ ኢድካን ተበጊሱ፣ ብዛዕባ ዕድመኻ መደምደምታታት ክገብር ይኽእል።




### ድሕሪ እቲ መርመራ

ንስኻ ቅኑዕ ዕለት ልደት ከምዘይነገርካ፣ እቲ መርመራ ኣነጺሩ ድዩ? ስለዚ IND፣ ኩሉ እቲ ካልእ ዝነገርካዮ ነገራት እውን ብሓቂ ቅኑዕ ኣይኮነን ማለት እዩ ኢሉ ክጠራጠር ይኽእል እዩ። ከም በዓል ካብ ሃገርካ ዝሃደምካሉ ምኽንያት ዝኣመሰለ።
ዕድሜኻ እንተወሓደ 18 ዓመት ምዃኑ፣ እቲ መርመራ ኣነጺሩ ድዩ? ስለዚ IND፣ ነቲ ዘመልከትካዮ ዕቑባ ከም ናይ ሓደ በጽሒ ሰብ ምምልካት ዕቑባ ገይሩ የመስርሖ። ዕድመኻ ናብ 18 ዓመት ክቕየር እዩ።

ናይ ዕድመ መርመራ ክትገብር ኣይትደልይን ዲኻ? ስለዚ እዚ ንIND ንስኻ ነቲ ቅኑዕ ዕለት ልደትካ ከም ዘይነገርካ ዝሕብር ምልክት ክኸውን ይኽእል እዩ።
ንIND፣ ዕድመኻ ናብ 18 ዓመት ከስተኻኽሎ እዩ፣ ከምኡ እውን ንዓኻ ከም ልዕሊ ዕድመ ይሓስበካ። IND፣ እቲ ንስኻ ዝነገርካዮ ኩሉ ካልእ ነገራት ሓቂ ኣይኮነን ኢሉ ክጠራጠር እውን ይኽእል እዩ። ከም በዓል ካብ ሃገርካ ዝሃደምካሉ ምኽንያት ዝኣመሰለ።

## ድሕሪ እቲ መድረኽ-ምዝገባ እንታይ የጋጥም?

ድሕሪ እቲ መድረኽ-ምዝገባ፡

- ናብ ካልእ መዕቆቢ ማእከል ትኸይድ። ዕድመኻ ኣብ ሞንጎ 15ን 18ን ዓመት ድዩ? ስለዚ ድሕሪ መድረኽ ምዝገባ ናብ ፍሉይ መዕቆቢ ቦታ ትኸይድ። እዚ መዕቆቢ ናይ COA ኮይኑ፣ ብፍሉይ ንትሕቲ ዕድመ ሓተትቲ ዕቑባ ዝተዳለወ እዩ። ዕድመኻ ትሕቲ 15 ዓመት ድዩ? ስለዚ Nidos መዕቆቢኻ ከዋድደልካ እዩ። ስለዚ ንግዜኡ ኣብ ገዛ ምስ ሰባት ኣብ ናባይት ስድራ ቤት ትነብር።
- IND መስርሕ ዕቑባኻ ብዝምልከት ዝቕጽል እንታይ ከምዝመስል ይግምግም፤
- IND፣ ብዛዕባ እቲ ዕቑባ ንምርካብ ዘቕርብካዮ ሕቶ ንምውሳን ክንደይ መርመራ ከምዘድልይ ክግምግም ይኽእል። IND መርመራታት ክገብር ይኽእል እዩ፣ ንኣብነት ናይ ሰነዳትካ፤
- ኣብ ናይ ዕረፍትን ምድላውን ግዜ (RVT)) ትኣቱው። ኣብዚ ታሕቲ ኣብ እዋን ናይ ዕረፍትን ምድላውን ግዜ (RVT) እንታይ ከምዘጋጥም ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።

## ኣብ እዋን ናይ ዕረፍትን ምድላውን ግዜ እንታይ የጋጥም?

ናይ ዕረፍትን ምድላውን ግዜ እንተወሓደ 3 ሳምንታት ይወስድ። ጻዕቂ ስራሕ እንተሃልዩ ንውሕ ዝበለ ግዜ ክወስድ ይኽእል እዩ። ኣብዚ እዋን እዚ ካብቲ ናብ ኔዘርላንድ ዝገበርካዮ ጉዕዞ ከተዕርፍ ኢኻ። ስለዚ ሽዑ ነቲ ምስ IND ዝህልወካ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ ዝርርብ ማለት ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ንምግባር ክትጽበይ ኢኻ። ኣብዚ ዝርርብ እዚ ብዛዕባ እቲ ዕቑባ ዘመልከትካሉ ምኽንያታት ዝያዳ ክትነግር ኢኻ። ዝያዳ ሓበሬታ ኣብቲ "ዕቑባ ኣብ እትሓተሉ እዋን፣ ሓበሬታ ብዛዕባ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ" ዝብል ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ከተንብብ ትኽእል ኢኻ። እዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ገና ደሓር ክወሃበካ እዩ። ኣብ እዋን ናይ ዕረፍትን ምድላውን ግዜ፣ እንታይ ከምዘጋጥም ኩሉ ኣብዚ ታሕቲ ከተንብብ ትኽእል ኢኻ። እቶም ስጉምትታት ብዝተፈልየ መስርዕ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

| | |
|---|---|
| 1ይ ስጉምቲ፡ | ሓበሬታ |
| 2ይ ስጉምቲ፡ | ጠበቓ |
| 3ይ ስጉምቲ፡ | ዝርርብ ምስ ነርስ |
| 4ይ ስጉምቲ፡ | ሰነዳት ናብ IND ምልኣኽ |
| 5ይ ስጉምቲ፡ | ዕድመ ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ንምግባር |

### 1ይ ስጉምቲ፡ ሓበሬታ

ካብ VWN ብዛዕባ መስርሕ ዕቑባ ሓበሬታ ክትቕበል ኢኻ። ከምኡ እውን ብዛዕባ እተን ኣብ እዋን እቲ መስርሕ ዘጋጥማኻ ውድባት እውን።

### 2ይ ስጉምቲ፡ ጠበቓ

ብዛዕባ መስርሕ ዕቑባ ብዝምልከት ንምድላው ዝሕግዘካ ጠበቓ ክምደበልካ እዩ። እቲ ጠበቓኻ ነቶም ብዛዕባ ዕቑባ ዝምልከቱ ሕግታትን መምርሒታትን ይፈልጦም እዩ። ከምኡ እውን እቲ ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ማዕረ ክንደይ ኣገዳሲ ምዃኑ እውን ይፍለጥ እዩ። ነቲ ጠበቓ ገንዘብ ክትከፍሎ ኣየድልየካን እዩ።

**3ይ ስጉምቲ፡ ዝርርብ ምስ ነርስ**
ኣብቲ መዕቆቢ ቦታ ምስ ነርስ ቆጸራ ኣለካ። ኣብ እዋን እዚ ዝርርብ፣ እታ ነርስ ኣእምሮኣዊ ን/ወይ ኣካላዊ ጸገማት ዘለካ ምኧኑን ዘይምኧኑን ትሓተካ። እታ ነርስ እቲኦም ጸገማት ኣብቲ ምስ IND ዝህልወካ ዝርርብ፣ ጽልዋ ክህልዎም ዝኽእሉ ምኧኖምን ዘይምኧኖምን ክትፈልጥ ትደልይ። ብኸምዚ መንገዲ IND ብዝተኻእሎ መጠን ነዚ ኣብ ግምት ከእትዎ ይኽእል።

**4ይ ስጉምቲ፡ ሰነዳት ናብ IND ምልኣኽ**
ብዛዕባ ናይ ዕቑባኻ ታሪኽ ዘረጋግጹ ኣገደስቲ ሰነዳት ኣለዉኻ ድዮም? ወይ ዕድመኻ ከረጋግጹ ዝኽእሉ ሰነዳት ኣለዉኻ ድዮም? ስለዚ ነዚኦም ሰነዳት ናብ ኔዘርላንድ ከምዝለኣኹ ግበር። ነዚ ብእተኻእለካ መጠን ቀልጢፍካ ከተዋድዶ ፈትን። IND፣ ነቲኦም ሰነዳት ናይ ሓቂ ምኧኖምን ዘይምኧኖምን ገና ምናልባት ክምርምሮም ይኽእል እዩ።

**5ይ ስጉምቲ፡ ዕድመ ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ንምግባር**
ካብ IND፣ ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ንኽትገብር ዝዕድም ደብዳቤ ክትቅበል ኢኻ። እቲ መስርሕ ብኸመይ ከምዝቕጽል ኣብቲ "ዕቑባ ኣብ እትሓተሉ እዋን፣ ሓበሬታ ብዛዕባ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ" ዝብል ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።

## ምምስራሕ ውልቃዊ ሓበሬታታት

ውልቃዊ ሓበሬታታት ብዛዕባኻ ዝምልከቱ ኩሎም ዓይነታት ሓበሬታታት እዮም። ኣብዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ዝሳተፉ ውድባት ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ኣለዉ። እዚኦም ውድባት ኣብ እዋን ናትካ ምምልካት፣ ምዝገባ ወይ ሕቶ፣ ውልቃዊ ሓበሬታታት የመስርሑ። ንሳቶም ውልቃዊ ሓበሬታታት ንኽትህብ ይሓቱኻ፣ ከምኡ እውን ኣድላይ እንተድኣ ኮይኑ ንኻልኦት ውድባት ወይ ሰባት እውን። እዚኦም ውድባት ንውልቃዊ ሓበሬታታትካ ይጥቐምሉን ይዕቕብዎን፣ ከምኡ እውን እንተድኣ ብሕጊ ዝግደዱ ኮይኖም ናብ ካልኦት ውድባት የመሓላልፍዎ። ነቶም ውልቃዊ ሓበሬታታትካ ዘመስርሑ ውድባት ዘለዎም ግዴታታት ብዝምልከት ኣብ ሕጋጋት ብሕትና ተጠቒሶም ኣለዉ። ንኣብነት ንሳቶም ንውልቃዊ ሓበሬታታትካ ብትኽክልን ብውሑስን ክሕዝዎ ኣለዎም። ኣብ ሕጋጋት ብሕትና መሰላትካ እውን ተጠቒሶም ይርከቡ። ብዛዕብኡ እንተድኣ ሓቲትካ፣ ንኣብነት እዞም ዝስዕቡ መሰላት ኣለካ፡
- ኣብቶም ውድባት ዘለዉ ውልቃዊ ሓበሬታታትካ ናይ ምርኣይ፤
- ኣየኖት ውድባት ንሓበሬታታትካ ይጥቐምሉን ንምንታይን ናይ ምፍላጥ፤
- ናብ ኣየኖት ውድባት ውልቃዊ ሓበሬታታካ ከምዝተመሓላለፈ ናይ ምፍላጥ።

ብዛዕባ ምምስራሕ ውልቃዊ ሓበሬታታትካን መሰላትካን ብዝምልከት፣ ተወሳኺ ክትፈልጥ ትደልይ ዲኻ? ስለዚ ኣብ መርበብ-ሓበሬታታት ናይቶም ውድባት ተመልከት።

እዚ ሕታም ሓባራዊ ሕታም ናይዞም ዝስዕቡ እዩ፡
Afdeling Vreemdelingenpolitie, Identificatie en Mensenhandel (AVIM)
NIDOS
Centraal Orgaan opvang asielzoekers (COA)
Immigratie- en Naturalisatiedienst (IND)
Koninklijke Marechaussee (KMar)
Raad voor Rechtsbijstand (RvR)
VluchtelingenWerk Nederland (VWN)
Internationale Organisatie voor Migratie (IOM)
Dienst Terugkeer en Vertrek (DT&V)

ብዕማም ናይ፣
ሚኒስትሪ ፍትሕን ጸጥታን፣
ክፍሊ ፖሊሲ ፍልሰት
www.rijksoverheid.nl

ካብ ትሕዝቶ ናይዚ ሕታም ዝምንጨው ዝኾነ ይኹን መሰላት ንምርካብ ኣይከኣልን እዩ። እንተድኣ እቲ ትርጉም፣ ፍልልይ ኣተረጓጕማ ናብ ምህላው ኣምሪሑ፣ እቲ ሕታም ቋንቋ ኔዘርላንድ መሪሕ ይኸውን።